ህበይ እንተደቀሰ ሰማይ ዝወድቕ ስለ ዝመስሎ፡

ሰለም ከየበለ ይሓድር ይበሃል።

ህበይ ካብ ፍርሒ ዝተላዕለ'ዩ ሰማይ ከይጸቕጦ ሙሉእ ለይቲ ሰለም ከየበለ ክሕሉ ዝሓድር ዝበሃል። ብዛዕባ ስርዓት ወያኔ ክንዛረብ እንተኮና ካብዚ ኣበሃህላ'ዚ ዝረሓቐ ኣይመስልን። ምኽንያቱ ብዝገብሮ ቶንኮላት ቀሲኑ ክነብር ስለ ዘይክእል፡ ኩሉ ግዜ መጹኒ ቀረቡኒ ኣጥቅዑኒ ወዘተ... ዝብሉ ድቃስ ለይትን ማዓልትን ዝኸልኡ ኣርዓድቲ ሓሳባት ካብ ምሕሳብ ስለ ዘይገላገል'ዩ። ሓስዩ ዝነብርን ሰሪቑ ዝሓድርን ቅሳነት የብሉን ከምዝበሃል ካብዚ ዝተላዕለ ከኣ እዩ ጭፍራ ዋላ ጭሩ እንተነፈረት ሻዕብያ መጺኡኒ ኢሉ ኣብ መልሲ ዘይብሉ ኲናት ክትኩስ ዝሓድር። ግን ስለምንታይ'ዩ ወያኔ ንሰራዊቱ ክሳብ ክንድዚ ኣብ ራዕድን ሸበራን ኣኣትዩ ንኲናት እንበር ንልምዓት ክሓስቡ ዘይገብር? ለባም ዝሓቶ ሕቶ እዩ።

ወያኔ ከም ኩሉ ዝፈልጦ ካብ መሰረቱ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ግዜ ንግስነት ሃይለስላሴን ስርዓት ደርግን ዝወረዶ ግፍዒ ሕነ ንምፍዳይ ድኣንበር ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ጭቁና እዞም ስርዓታት ከገላግል ኢሉ ዝተበገሰ ቃልሲ ኣይነበረን። ወያኔ ገና ብዕሸሉ ኣብ እግሪ ተኸሊ ከሎ ኣብ ሞንጎ እቶም ኣብ ኢትዮጵያ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝብሉ ዝነበሩን ኣብ ሞንጎ እቶም ዓባይ ትግራይ ንነጻነት ዝብሉ ዝነበሩን ብዘይ ምቅዳው ቅትለት ዝፈጸመ ጉጅለ እዩ። ሕጂውን ስልጣኑ ከናውሕ ብጀካ እቲ እከይ ሕልሙ ከተግብር ምፍታን ካልእ ዓላማ ስለ ዘይብሉ መንእሰያት ኢትዮጵያ እንተ ብስደት እንተ ኣብ ጉጉይ ኲናት ኣእቲኻ ምጥፍኦም ካልእ ቁዱስ ሓሳብ የብሉን። ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ሂወቱ ርኢዎን ሓሲቡዎን ዘይፈልጦ ሽግርን መከራን ኣጋጢሙዎ ይርከብ። ዓሌታት ነንህድሕደን ዝፋለሳሉ። ዓድታት መሬተን ዝምንዝዓሉ። መሬት ደሴ ጎንደር ቆራሪጽካ ንትግራይ ዝዕደለሉ ሕማቕ መዋኣል የሕልፍ ኣሎ።

እዚ ሎሚ ዓሌታዊ ስርዓት ወያኔ ክውልዖ ዝደሊ ዘሎ ኲናት ኣብ ብዙሕ ነገር ዘተኮረ እዩ። ንሱ ከኣ፡ 1) ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን ምኽላእ። 2) ብወያኔ ኣይንግዛእን ንዝበል መንእሰይ ብሄራት ኢትዮጵያ ኣብ ዓላማ ዘይብሉ ኲናት ኣኣቲኻ ምጥፍኡን ተቓውሞታት ምድኻምን። 3) ህዝቢ ኢትዮጵያ ተሰማሚዑ ንጸላኢኡ መንግስቲ ወያኔ ከምዘይምክት ንምግባር።

ወያኔ ኣብ ኲናት ኣትዩ ክሰዕር ከምዘይክእል ኢፈልጥ እዩ። ኲናት ሂወት ደቂ ሰባት ከም ዝቐዝፍ'ውን ኢፈልጥ እዩ። እንተኾነ በቲ ስንኩፍ ኣታሓሳስብኡን ተንኮላቱን ዘለዎ መትከል ንህልቂት በሄራት ኢትዮጵያ ዝዓለመ ስለ ዝኾነ ንውኡ ዝበዝሑ ሰራዊቱ እንተሞይቶሞ ዝለዓለ ዓወት ከምዘመዝገበ እዩ ዝቖጽሮ። ንሱ ከኣ እዩ እቲ ከዒውቶ ዝደሊ ዓላማ።

ጃንዳ ኮነ ኢሉ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ቢሄረ ትግራይን ዝፈጥሮ ዘሎ ዘይወጽእ ቅርሕንቲ ህዝቢ ትግራይ ብንቕሓት ከስተውዕለሉ ይግባእ። ሃገርን ህዝብን ንዘልእለም ነባሪ ምኺኑ፣ መንግስታት ግን ሓላፊ ምኺኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ከምዚ እዛ ኣርእስቲ ናይዛ ጽሕፍቲ ተሕብሮ፡ ወያኔ ርእሰ ምትእምማን ዘይብሉ ዓሌታዊ ጉጅለ ንጎረባብቲ ሰላም ክከልእን፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ እናኣፋለሰ ክነብር ዝሓስብ ስርዓት ስለ ዝኾነ፡ ተንኮላቱ ዝወለዶ ስግኣት ከም ህበይ ከየደቀሰ የሕድሮ ኣሎ። እቲ ዘገርም ኣብዛ ሓጸር ኲነት ስበስልጣን ጃንዳ ካብ ኣርባዕተ ግዜ ንላዕሊ ተገራጫዊ ዘረባታት ከስምዑ ተራእዮም። ንጃንዳ ከምኡ ዝኣመሰለ ተገራጨውቲ ነገራት ምቕራብ ባህሊ እዩ።

ሕጂ'ውን ኣኸላባት ክነብሑ እዮም።
ጎብየ ዓቕሉ ቀጺሊ እዩ።
ገመል ጉዕዝኡ ይምርሽ።
ሃገር እናተኸላኸልና ህንጻት ስራሕና ነሰላስል።
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።